# ሓዲስ ዓመት

## ዘመነ ማቴዎስ

## መስከረም 1 2017 ዓ.ም. (መስከረም 11 2024)

ንባባት፡ 1ቆሮን 11፡17-ፍ፥ ያዕ. 2፡1-14፥ ግ.ሓ. 18፡24-ፍ፥ ዮሓ. 1፡15-38

ምስባክ፡

1. ወትባርክ አክሊለ ዓመተ ምሕረትከ፥ ወይጸግቡ ጠላተ ገዳም ወይረውዩ አድባር በድው። ምጅማር ዓመተ ምሕረትካ ትባርኽ፥ በረኻታት ብጠለት ይጸግቡ፥ ጎቦታት በረኻ ይረውዩ መዝ. 65፡11-12።

2. አድኅነኒ እግዚኦ እምእለ ሮዱኒ እስመ ይኄይሉኒ ወአውጽአ እሞቅሕ ለነፍስየ ከመ እግነይ ለስምከ እግዚኦ፥ ንስምካ ምእንቲ ከምስግነካ ካብቶም ኃይሎሚኒ ዘለዉ ጻላእተይ አውጽአኒ መዝ. 142፡6-5።

አብዚ ሓዲስ ዓመት አምላኽ ጸግኡን በረኸቱን ሂቡ ብሩኽ ዓመት ክገብረልና፥ ናይ ሰላም ፍቕሪ ሕድገት ዓመት ክገብረልና እናተመነኹ ንኹልኹም ርሑስ ሓዲስ ዓመት እብል። አምላኽ አብ ሕይወት ነፍስወከፍ ቦታ ረኺቡ ክመርሓና እሞ ዓለምና ሰላም ስኢት ዝሰፈና ኮይና ጽጉም ዝርድአላ ሕሙም ዝሕከመላን ዝሓውየላን ሕዙን ዝጸናንዓላ፥ ጽቡቕ ሃረር ዝብል ድላዩን ዝተመነዮን ዝረኽበላ ይግበረልና። ንኹሉ ካብ ምጅማሩ ብሰላም ክትጅምሮ እንክሎኻ ብሩህ ተስፋ አሎ ስለዚ ብሰናይ ትምኒት ዓመትና ንጅምር አሎና እሞ ብጽቡቕ አጀሚሩ ብጽቡቕ አብ ፍጻሜ ዓመት የብጽሓን። አብ ነነድሕድና ብአካል ብተለፎን ብመልእኽቲ ርሑስ ሓዲስ ዓመት ናይ ሰላም ናይ ፍቕሪ ዓመት ይግበረልና ክንብል ከሎና ብቃል ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ሓቂ ሰባኺ ሰላም ድየ መልእኽቲ ሰላም አብጽሕ ዘሎኹ እናበልና ናይ ሓቂ ሰናይ ትምኒት ንመነ፥ ሽዑ አቦ ሰላም አምላኽና ሰላሙ ክህበና እዩ።

ሓዲስ ዓመት ሃገርና አብ ወርኂ መስከረም ይጀምር፥ እዚ አብ ፍሉይ ትርጉም ተመስሪቱ እዩ ዝጅምር፥ በዚ ወርኂ ኩሉ ፍጡር ሓዲስ መልክዕ ይሕዝ፥ ዘራእቲ ኩሉ አብ ፍረ በጺሑ ሰብ ብተስፋ ፍረ ጻማኡ ይጽበ፥ ዕምባባታት ረጊፉ አብ ፍረ ይበጽሕ። እንስሳ ጽቡቕ ይረአዩ፥ ኩሉ ተሓዲሱ ይርአ። አብ ወርሒ መስከረም ከም ባህልና መርዓ፥ ተስካር ምስ እቶት ተራእዩ ሽዑ ይቖጻር፥ ዓበይቲ ውሳኔታት አብ ወርሒ መስከረም ይሕሰብ፥ ትምህርቲ አብ መስከረም ይኽፈት፥ ብሓጺሩ አብ ማሕበራዊ ሕይወት ብዙሕ ነገራት ይፍጸም። መስከረም ፈላሚት ዓመት ስለ ዝኾነት ብሓዲስ መንፈስን ርድኢትን ክትጅምር እንክላ ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህልዎ። ሓንቲ ከይሓሰብና ወይ ከይገበርና ሕይወትና ዓመት ይቖጽር ከይህሉ ክንጥንቀቕ አሎና።

አብዚ ሓዲስ ዓመት ኩሉ ሰብ ሓዊ ይሳገር ሆየ ሆየ እናበሉ መንእሰያትን ዓበይቲ ዓድን ንታቦት ሰለስተ ሳዕ ሆየ ሆየ እናበሉ ይዞሩ፥ አብ አፍደገ ቤተ ክርስትያን ቀይሞም እግዚኦታ ይደግሙ አብ ገለ ዓድታት ቅዱስ ቍርባን አውጺኦም ቡራኬ ይገብሩ ክርስቶስ ባዕሉ ነዚአ ዓመት ብጽቡቕ ባሪኹ ከጀምሮም ምእንቲ ብሓደ ልቢ ይምህለሉ። አብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ አብ አፍደገ ብቆልቋል ዝነድድ ሓዊ ይሳገሩ እዚ ኸአ ነዚ ዝሓለፈ ዓመት ብሓዊ አምሳል ከም ዝሰገርዎ ከመልክት እዩ። ዓኾኻይ ዓኾኻይ ሓዊ ሓምለ ውጻእ ሓዊ ሃንስ መስቀለ እቶ እናበለ ሓደ ካብቶም ስድራ አብ ገዛ ሰለስተሳዕ ሓዊ ሒዙ ይአቱን ይወጽእን። ብሓቂ በዚ ዕለት ሓዲስ ሰዊት ዕፉን፥ አደጉራን ካልእን ይብላዕ መዓር ንህቢ ይብርበር ከምኡ ከብቲ ወሊደን ጸባ መሊኡ ዘልአ ንዘይብሉ የካፍል። ሓራስ እንተላ ብፍሉይ ትብጻሕን ህያብ ትውሃብን፥ ወርኂ መስከረም ብፍላይ ባሕቲ መስከረም ፍሉይ

ጸጋ ዘልአ ሰባት ኣብ ነነድሕድና ፍቕሪ እነርእየላ ንኣምላኽ እነመስግነላ ፍልይቲ ወርኂ እያ። ኣብዚ ዕለት ኩሉ ልብሲ ሃገር ለቢሱ ንዝተጋገዮ ብንስሓ ምስ ኣምላኽን ሰብን ዕርቂ ይገብር፥ ቅዳሴ ይሰምዕ፥ ኩሉ ሰብ ሓዲስ ክዳን ይለብስ ንዝርኢ ኩሉ ብርሃን እዩ። መዓልቲ ሓዲስ ዓመት መላእ ሃገር መንፈስ ኣምላኽ ለቢሳ ትውዕል እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ኣብ ታሪኽ ሃገርና እውን ምእንቲ መሰልን ነጻነትን ኣቦታትና ጎነጽ ዝጀመሩላ ፍልይቲ ወርኂ ጉዕዞ ንነጻነት ሃገር ዝጀመርት ክብርቲ ወርኂ እያ።

ንነጻነትን ሓርነትን ዝጀመረ ጉዕዞ ቃልሲ ዛዚሙ ድሮ ናይ 33 ዓመት ኣብዒልና እሞ ከምቲ ዝተመነናዮ እንተ ኣሊና ክነመስግን ጎዲልና እንተ ኣሊና ክንሳሕ ዝሕግዝ ጊዜ እዩ እዚ እውን። ብርግጽ ብዙሕ ክፍታሕ ዘልኦ ጸገማት ኣሎና ሰባት ካብ ዓዶም ይሃድሙ እሞ ንሞት ኣብ በረኻን ኣብ ኢድ ጨካናት ሰባት ክኣትዉ ድሕሪ ዘይብሉሉ ኣብ ነነድሕድና ምጭኽኻን ኣብ ታሪኽና ርኢናዮ ዘይንፈልጥ ይርአ ኣሎ፥ ምጥልላም ምክሕሓድን በዚሑ ኩሉ ዝሓሚ ኮይኑ ስለዚ ኵልና ኣብ ልብና ክንኣቱ የድሊ። መልእኽቲ ሓዲሽ ዓመት ንጉድለት ካልኦት ዘይ ኮነን ንጉድለትካ ክትርኢ እዩ ዝሕግዝ።

ብምጭኽኻን ወይ ብኽፍኣት ዝሓልፈሉ የለን ንግዚኡ ከታልል ይክእል ይኸውን ኣብ መጨረሻ ግን ሓቂ ክትወጽእ እያ ስለዚ ንሓቂ ዝሓዘ እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ዝገበረ ጥራሕ እዩ ዝዕወት። ሓዲስ ዓመትና ነዚ ርድኢት ገርና ክንኣትዎ ከሎና ኣምላኽ ምሳና ኣሎ።

በዚ ወርኂ ብዓል ቅዱስ ዮሓንስ ይብዓል የውሓንስ ናይ ብሉይ ኪዳን ዓጻዊ መወዳእታ ነብይ፥ ናይ ሓዲስ ኪዳን ከፋቲ ናይ ክርስቶስ ፊተውራሪ ቃል ኣዋጂ ነጋሪ እዩ። ንሰባት ክንስሑ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክምለሱ ዓው ኢሉ ዝሰበኸ በዚ ዕለት ንዝክሮ። ፍሉይ ተዘክሮ ኣብ ናይ ነፍስወከፍ ሕይወትና እዩ መልእኽቱ። ኣብ ሕይወትና ተመሊስና ከመሎኹ ኢልና ሕልናና ክንሓትት እሞ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ክንምለስ ሰላም ክንገብር ፍቕሪ ክነብዝሕ ንዝበደለ ሓውናን ሓፍትናን ምሒርና ክንክእል ዘዘኻኽር ብዓል ኢና እነብዕል ዘሎና። ቅዱስ ዮሓንስ ካብ መጀመርያ ሕይወቱ ንመድኃኒና ክርስቶስ መን ምዃኑ ኣለልዩ ዝኸኣለ እዩ። ኣብ ሕይወቱ ንደቂ እስራኤል ኣብ ሓቀኛ መገዲ ክምለሱ መገዲ ኣምላኽ ክሕዙ ብድፍረት ዝሰበኸ እዩ። ሓደ እዋን ብመገዲ ክኸይድ እንከሎ ንኢየሱስ ምስረአዮ እንሆ በግዕ እግዚአብሔር ኃጢአት ዓለም ዝሓድግ እናበለ ንኣርድእቱ ኣብ ኢየሱስ ክኸዱ ሓቢሩ። ንስኻ እቲ መስሕ ዲኻ ተባሂሉ ምስተሓተ ኣነ ስራኽ ኣስእኑ ክፈትሕ ዘይክእል እየ እናበለ ምስ ምሉእ ትሕትና ተዛሪቡ። ኣብ መወዳእታ ንሄረዱስ መራሕ ሃገር ንሰይቲ ሓዉ ብዘይግቡእ ስለ ዘእተዋ ብድፍረት ኃጢአቱን ሕጊ ምፍራሱን ብዘይፍርሒ ተዛሪብዎ በዚ ምኽንያት ከአ ብሰማዕትነት መይቱ።

ሕይወት ቅዱስ ዮውሃንስ ንነንፍስ ወከፍና ኣብ ሕይወትና ክንገብሮ ዝግብኣና ፍሉይ መልእኽቲ ኣልኦ፥

- ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ክነብጽሕ። ብዙሓት ኣብ ሕይወቶም ንኢየሱስ ዘይፈልጡ ወይ ዘኪሮም ዘይፈልጡ ኣለዉ ከም ዮውሃንስ ኮና ክንሕግዞም ክነዘኻኽሮም ትሑዛት ኢና። ዝተበእሱ ክንዓርቕ ከሎና፥ ዝጠመዩ ክንዕንግል ከሎና፥ ዝዓረቑ ክነልብስ ከሎና ስራሕ ኢየሱስ ንገብር ኣሎና። ዓለምና ሎሚ ኢየሱስ ዝጠፍኦ ኮይና እያ እትርኣየካ። ሰብ ኣብ ክፍኣትን ጥልመትን ክሕደትን ኣብ ነነድሕዱ ክም እንስሳ ክባላዕ ንርኢ ኣሎና። እሞ ሎሚ ነዛ ሃለዋታ ኣጥፊኦ ዘላ ዓለምና ነቲ ወሃብ ሕይወት ኢየሱስ ከምእትርኢ እንገብራ ንሕና ስለ ዝኾና ምስ ዮውሃንስ ኮና ተመለሱ ንኢየሱስ ርአዩ ኣብ ሕይወት ክትነብሩ እናበልና ንስብከት ንበገስ።
- ንሓቂ ዓው ኢልና ብዘይ ፍርሒ ክንሰብኽ። ኣብ ገለ እዋን ብፍርሒ ብምስካፍ ወይ ግላዊ ጥቕሚ ብምርኣይ ንሓቂ ክንዛረብ ንፈርሕ። ንኽፉእ እናረኣናዮ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምዘይረኤና ንኸውን። ቅ. ዮሓንስ ንመራሕ ሃገር ክምሕርን ክቐትልን ዝኽእል ኃጢአቱ ዓው ኢሉ ነጊርዎ። ፍርኂ ዝገደደ ጉድኣት እዩ ዘምጽእ። ክርስቶስ ምእንቲ ሓቂ ኣብ መስቀል መይቱ፥ ብዙሓት ሰማዕታት ንሓቂ ክምስክሩ ሕይወቶም ኣሕሊፎም። ሎሚ ንሕና ምናልባት ናይ ደም መስዋዕቲ ንሕተት ኣይንኸውንን እንተኾነ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ንኽፍኣት ንዝጋገዩ ከምኡ ጉድኣት እናረኤና ሱቕ እንተበልና ኣባና ሓቂ የላን

ስለዚ ዘራእቲ ሓቂ ክንከውን ኣብ ኩሉ ሕይወትና። ቃልና እወ እወ ወይ ኣይኮነን ኣይኮነን ክኸውን እዩ ዝደሊ መድኅና። ብፍላይ ንመቕርብና ኣብ ጌጋ ክንርእዮም ከሎና ንሓቂ ከይንደፍን ምጥንቃቕ የድሊ፥ ወገነይ ወዲ ዓደይ ሓወይ/ሓፍተይ ኢልካ ንሓቂ ምድፋን ካብ ኣምላኽ የርሕቐና። ኣብ መጨረሽታ ሕይወትና ባዕልና ብዝገበርናዮ ተሓተቲ ባዕልና ኢና እምበር ኣብ ክንዳና ወይ ስለ ካልእ ዝገበርናዮ ኣይኮነን እንሕተቶ ስለዚ ንሓቂ ሒዝና ክንጉዓዝ ሕይወትና ስንቂ ንመጻኢ ኣስኒቕና ሕይወትና ንምራሕ።

- **ንስሓ ክንገብር።** ሓደ ካብቲ መለልዩ ቅ. ዮሃንስ ተነስሑ ብኃጢኣትኩም ተኣመኑ እናበለ ናይ እዋኑ ሰባት ክገብርዎ ዝግብኦም ምሕባር እዩ። ሎሚ ኣብ ሕይወት ሰባት እንተ ረኤና ኣብ መንበር ንስሓ ዝርአዩ ውሑዳት እዮም። ኃጢኣትን ዘይኃጢኣትን ፈሊና ክንርኢ ዘጸገመና እዩ ዝመስል ዘሎ እንተኾነ ኃጢኣትን ኣምላኽን ብሓደ ክነብሩ ኣይክኣልን እዩ። ኣሕዋተይ ንንስሓ ደፊርና ክንኣትዎ ኣሎና። ኃጢኣት የብለይን ኢልና ንሕይወትና ኣተዓሻሺና ኣይንንበር፥ ሎሚ ኣብ ኣምላኽ እንምለሰላ መዓልቲ እያ። ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትና ኣቲና ኃጢኣትና ርኢና ተደፊእና ምሓረና ጥፉእ ወድኻ/ጓልካ መጺኤ ኣሎኹ ንበሎ። ምስ ኣምላኽን ሰብን ዕርቂ ገርና ዓመትና ብሰላም ብፍቕሪ ብቅድስና ክንጅምሮ እዋኑ እዩ።
- **ኣብ ሕይወትና ብትሕትና ምንባር።** ቅዱስ ዮውሃንስ ብትሕትንኡ እዩ ዝፍለጥ። ክዳኑ ጽጕሪ በግዕ፥ መግቡ ምዓር ጽገናይ፥ እዩ ነሩ። ሰባት በቲ ሕይወቱን ትሕትንኡን ይሰምዕዎ ነሮም። ንስኻ እቲ መስሕ ዲኻ ኢሎም ምስ ሓተትዎ ኣነ ኣይኮንኩንኩን እናበለ ብትሕትና መን መኺኑ ገሊጹ። ነቲ ሓቀኛ መንነቱ ኣቢርሁ ገሊጹ። ኣብዚ ሓዲስ ዓመት ሓደ ክንለብሶ ዘሎና ትሕትና እዩ። ንትዕቢት ካባና ክንኣሊ። ኣነ ዝብል ጥራሕ ከይሓዝና ብትሕትና ሕይወትና ክንመርሕ። ሰብ ብትሕትና ብርሕራሔ ሕይወቱ ክመርሕ እንከሎ መገዲ ኣምላኽ ኣይጠፍኦን እዩ። ትሑት ሕይወት ንርእስኻ መን ምዃንካ የፍልጠካ። ትዕቢት ንሰብ ካብ ኣምላኽን ካብ ሰብ የርሕቕ። ዕቡይ ሰብ ንሓዉ ሓፍቱ ርእዩ ኣይክእልን እዩ ኣብ ርእሱ ጥራሕ ይጥምት ብካልኦት ኣይግድሶን ኣብ ገለ እዋን ኣብ ስድራ ኣብ ስራሕ ኣብ ቤት ክርስትያን ኣብ ማሕበር ትዕቢት እንተ ኣተወ ሰይጣን ተዓዊቱ ኣሎ። ብትዕቢት ብመጀመርያ እትጥቃዕ ፍቕሪ እያ፥ ፍቕሪ ሓውና ሓፍትና ሓዳርና ቤተ ሰብና ቤተ ክርስትያና ነጥፍእ። ስለዚ ንኹሉ ሰናይ ክገብረልና ትሕትና ንልበስ። ካብ ንእይ ክጥዕመኒ ሓወይ ሓፍተይ ክጥዕሞም ንበል።

ሓዲሽ ዓመትና እምብኣር ምስ ዮሓንስ ክንጀምሮ ከሎና መንፈስ ዮሓንስ ኣባና ክሓድር ምእንቲ እዩ። ኣብዛ እንሕዛ ዘሎና ዓመት ኣምላኽ ምሳና ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትና ክሓድር እሞ ሰላም ፍቕሪ ስኒት ኣብ መንጎና ክነግስ። ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣብዚ ዓመት ኣብ እንጅምረሉ ዘሎና እዋን መገድኻ ሒዝና ክንጉዓዝ ንሓቂ ክንለብስ ፍቕርኻን ፍቕሪ ኣሕዋትን እነዘውትር ኮነ ክንጉዓዝ ሓግዘና። ንኹሉ ስራሕና ርክብና ባርኮ፥ ኣፍረይቲ ኮና ክንርከብ ሓግዘና።

ማርያም ኣብ ኩሉ ሓዲስ ነገር ፈላሚት ኩሉ ገርና ክንወስዳ ይጠቕመና እዩ። ተፈጥሮና ሳልኣ እዩ ተሓዲሱ። ክርስቶስ ብኣኣ ኣቢሉ ኣብ መንጎና ሓዲሩ እዩ ሎሚ እውን ነዚ ሓዲስ ዓመት ኣብ መንጎና ኮይኑ ክባርኸና ምሳና ክሓድር ለምንልና ንበላ። ኣብ ጎርጎሮሳዊ ኣቆጻጽራ ሓዲስ ዓመት ብምብዓል ማርያም ይጅምርዎ እዚ ኸአ ተራ ማርያም ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ስለዚ ምስ ማርያም ሕይወትና ስራሕና ተልእኮና ክንጀምር ከሎና ጸጋ፥ ዓወት፥ ስኒት እዩ ዝበዝሕ እሞ ንማርያም ኣደና ኮንኪ ምርሕና ልምንልና ንበላ።

ምርቓ ዓድና ማርያም ምስ ወዳ ተሰኒኻ/ኺ ዝብል ብሓቂ ትርጉም ኣልኦ እሞ ነዚ ዓመት ምስ ማርያም ንጀምሮ ድላይ ወዳ ክንገብርን ኣብ ዘልኦ መታን ክተብጽሓና።

ርሑስ ሓዲስ ዓመትን ብዓል ቅዱስ ዮሓንስ ንኹልኹም። ዓመት ሰላምን ፍቕርን ገሩ ሰናይ ዘመን ይብረቐልና። ኣብ ዓድናን ዓለምናን ሰላሙ የውርደልና።

ብሩኽ ሓዲሽ ዓመት!

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ